# ሃገራዊ ኣገልግሎት ብመንጽር ሃገራዊ ድሕነት

ሃገራዊ ኣገልግሎትን ሃገራዊ ድሕነትን ክልተ ኣምራት ኮይነን ምትእስሳርን ምፍልላይን ዘለወን ናይ ሓደ ቅርሺ ክልተ ገጽ እየን። ብዙሓት ሃገራት ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት መደብ ኣለወን። ኣተገባብራ ናይ'ዚ ድማ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ይፈላለ እዩ። ብመሰረቱ ግን ሃገራዊ ኣገልግሎት ሓንቲ ሃገር ቅድሚ ኣብ ሓደጋ ምእታዋ ዜጋታታ ድልዋት ኮይኖም ንክጸንሑ ብወተሃደራውን ቁጠባውን ማሕበራውን መደያት ንዝተወሰነ ዕማም ንምዕዋት ናይ ግዜ ገደብ ዘለዎ መደብ እዩ። እዚ መደብ ኣብ ግዜ ሰላም ዝትግበር ኮይኑ፣ህጹጽ ኩነታት ኣዋጅ ወይ ኩናት ምስ ዘጋጥም ቀጻሊ ዝኸውን እዩ።

ኣዋጅ ሃገራዊ ድሕነት መቀጸልታ ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮይኑ፣ ኩናት ምስ ዝላዓልን ሃገር ኣብ ሓደጋ ምስ ትኣቱን ክሳብ ሃገር ድሕነታ ዝረጋገጽ ብዘይ ገደብ ብቀጻሊ ዝሰራሓሉ እዩ። ስለ'ዚ ሃገራዊ ኣገልግሎት ትሕጃ ናይ ሃገራዊ ድሕነት እዩ። ሓደ ሃገራዊ ኣገልጉለቱ ወዲኡ ተጣይሱ ዝጸንሐ፣ ሃገር ኣብ ሓደጋ ምስ እትኣቱ ጉቡኡ ንምግባር ኣብ መድብ ሃገራዊ ድሕነት ንክኣቱ ይግደድ። ንኣብነት ኣብ ባዓል ኣሜርካ ዑቑር ሰራዊት ወይ ዑቑር ሓይሊ ተባሂሎም ሃገራዊ ኣገልግሎት ወዲኦም ኣብ ሲቪላዊ ናብራ ዝጸንሑ፣ እታ ሃገር ኣብ ሓደጋ ኣትያ ክትብሃል እንክላ እቶም ዑቑር ሰራዊት ተጸዊዖም ናብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ይጽንበሩ። እዚ ኣብ ግዜ ናይ ቬትናምን ዒራቕን ኩናት ዝተራእየ ጭቡጥ ምስክር እዩ።

ኣብ ኤርትራ ብ1994 ሃገራዊ ኣገልግሎት ክእወጅ እንክሎ ኣብ ናይ ሰላም ግዜ ስለዝነበረ፣ ካብ ቀዳማይ ዙር ክሳብ ራብዓይ ዙር ናይ ክልተ ዓመት ሃገራዊ ኣገልግሎቶም ወዲኦም ኣብ ግዚኦም ተጣይሶም ናብ ዝደለይዎ ይኸዱ ነይሮም። ካብ መጀመርታ 1998 እቲ ናይ ወያነ ናይ ኩናት ሃዋህው እንዳበርሀ ይመጽእ ስለዝነበረን ከምኡውን ብእስላማዊ ጂሃድ ኣብ ዶባት ዝነበረ ተጻብኦታት ንምብዳህ ሓሙሻይ ዙር ኣብ እዋኖም ኣይተፋነዉን። ብድሕሪኡ ግን ወራር ወያነ ጋህዲ ኮይኑ ምስ መጸ ዋላ እቶም ኣገልግሎት ወዲኦምን ካብ ሰራዊት ተጣይሶም ዝነበሩ ተጋደልትን ንሃገራዊ ድሕነት ተጸዊዖም ብዘይ ዕጻይ ምጽጻይ ሃገሮም ንምድሓን ከቲቶም ነቲ ተሃንዲዱ ዝመጸ ሰለስተ ወራራት ኣፍሺሎሞን ሲዒሮሞን።

ድሕሪ ናይ ኣልጀርስ ስምምዕን ናይ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ድሕሪ ብይን ምሃቡ ነቲ ናይ ሰላም ተስፋ ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ኤርትራ ኮምሽን ምጥያስ ሰራዊት ቆይሙ። ንኩነታት ሃገርን መንባብሮ ስድራቤት ሰራዊትን ኣብ ግምት ዘእተወ ኮሳብ 2017 ምጥያስ ሰራዊት በብግዜኡ ክካየድ ጸኒሑ። ብፍላይ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዳርጋ ልዕሊ 80 ሚእታዊት ተጣይሰን እየን።

ምስ እዚ ኩሉ ግን ወያን ኣብ ዝሓለፈ 24 ዓመታት ንኤርትራ ናይ ሙግዓዋ ጥሙሓቶም ስለዘይተጸንቀቀ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከም መቀጸልታ ሃገራዊ ድሕነት ኮይኑ ክሳብ ሕጂ ይቕጽል ኣሎ። እዚ ናይ ሃገራዊ ድሕነት መደብ ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ ጥራሕ ዝተሓጽረ ኣይኮነን። ኩሉ ኣባል ሃገራዊ ድሕነት ኣብ ወተሃደራውን ቁጠባውን ማሕበራውን ህንጻትን ሓለዋን ሃገር ዝተዋፈረ እዩ። ምስ ዓቕምን ኩነታት እታ ሃገር ድማ ኣዕጋቢ ክፍሊት ይዋሃቦም እዩ እንተዘይተባህለ ካብ ቅድም ዝነበረ ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክፍሊት ኣዝዩ ዝሓሸ እዩ።

ቀዳማይ ሚንስተር ኣብይ ኣብ ስልጣን ምስ መጸ እቲ ዝተራእየ ናይ ሰላም ሃዋህው ተስፋ ዝህብ እኳ እንተነበረ፣ እታ ካብ ኣራት ኪሎ ሃዲማ ኣብ መቀለ ዝተኣኻኸበት ጀንዳ ግን ኩናት ኣብ ምህንዳስን ንኤርትራን ኢትዮጵያን ዳግማይ ንምቁጽጻርን ሕልሞም ኣይዓረፈን። ከምቲ ዝተራእየ ድማ ኣብ ሕዳር 2020 ኣብ ልዕሊ ኣብ ትግራይ ዓስኪሩ ዝነበረ ናይ ኢትዮጵያ ሰራዊት ዝወሰድዎ መጥቅዕቲ ኣድህብኡ እንተላይ ናብ ኤርትራ ዘተኮረ እዩ ነይሩ። ሰራዊት ኤርትራ ተዳልዩ እንተዘይጸንሕ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ክወርድ ዝኽእል ሓደጋ ቀሊል ኣይነበረን። ሕጂውን ጀንዳ ካብ ጎዳጉድ ተምቤን ሓመድ ሊሒሶም ወጺኦም ልዕሊ 300000 መንእሰያት ትግራይ ኣጥፊኦም ዳግማይ ህልቂት ንምፍጻም ኩሉ ትግራዋይ ክኸተት ኣለዎ እንዳበሉ ዝተዋህቦም ረዲኤት ኤርትራን ወልቃይትን ንምቁጽጻር ዘይተኣደነ ምድላዋት ወዲኦም ኩናት ጀሚሮም ኣለዉ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት ዝካየድ ኩናት ብወታሃደራዊ ስልቲ ዘይኮነ ብህዝባዊ ማዕበል ክወርር ዝዳሎ ዘሎ ጸላኢ'ኻ ብኸመይ ኢ'ኻ ክትገጥሞ ዘለካ? ከምቲ ንሶም ንመላእ ህዝቢ ትግራይ ኣኽቲቶም ኤርትራ ዶ ባሕሪ ንምቁጽጻር ዝሓልምዎ ዘለዉ መደብ ንምፍሻልን ንምምካትን መንግስቲ ኤርትራ ኢዱ ኣጣሚሩ ደዩ ክጸንሕ ዘለዎ?

ቢቢሲ ትግርኛ በቶም ኣገልገልቲ ትግራዎትን ጥማዕ ትግራዎትን ዝኾኑ ጋዜጠኛታት መንግስቲ ኤርትራ ነቶም ካብ ጉቡኦም ምፍጻም ዝዛሕተሉ ዝወስዶ ዘሎ ስጉምቲ ከም ሃገራዊ ኣገልግሎት ምንዋሕ ኣምሲሉ ክሸቅጥሉ ምፍታኖም ንኤርትራ ግዳይ ናይ ወያነ ንምግባር ዝዓለመ ጎስጓስ ምዃኑ ብሩህ እዩ።

እዚ ንልዕሊ 24 ዓመታት ንህዝቢ ኤርትራ ጅሆ ሒዝዎ ዘሎ ጃንዳ ካብ ገጽ ምድሪ ከይተደምሰሰ ህዝቢ ኤርትራ ደቂሱ ክሓድር ዘበት እዩ። ዘለናዮ መድረኽ እዋን ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥራሕ ዘይኮነስ እዋን ሃገራዊ ድሕነት ስለዝኾነ ልዕሊ'ቲ ወያነ ኣብ ትግራይ ዝገብርዎ ዘለዉ ምድላዋት ኤርትራ ክትገብር ጉቡእን ቅኑዕን መንገዲ እዩ። መሰላ ድማ እዩ።

ዓወት ንሓፋሽ!!

ግርማይ የማነ 25/08/2022